# ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

# ፖሎቲካዊ ቻርተር

## መእተዊ፡-

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ሰላማውን ዕጥቃውን ቃልሲ ዘካየደ ሓርነቱን ክብሩን ብምርግጋጽ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንቕድሚት ብምምራሽ ምዕብልና ናይ ምምዝጋብ ባህጊ ስለ ዝነበሮ እዩ። ነዞም ሽቶታት እዚኣቶም ንምርግጋጽ፡ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ ሃገሩ ከም ዝለቅቕ ገይሩ፡ ሃገራዊ ነጻነት ብምዕቃብ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊቡ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣሰጋገሮ። እዚ ቃልሲ'ዚ ድማ ንናጻ ሃገርን ሓራ ዜጋን ምህናጽ ዘጠቓለለ ነበረ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሰላምን ደሞክራስን ፍትሕን ሓርነትን ማሕበራዊ ርግኣትን ዝሰረቱ፡ ኣብ ጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎኡ ንዘደልደሎ ሃገራዊ ሓድነቱን ተመርኲሱ፡ ኣብ ናይ ህንጸት ግጥምያ ንኽኣቱ ድልው ምንባሩ ርጉጽ እዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ነዊሕ ጉዕዞን፡ ዓብይ መስዋእትን፡ ልዑል ድሌታትን ህዝብና፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምትካል ተኾልፈ። እዚ ኸኣ ንተቓላሳይ ህዝብና ዘይተጸበዮ መስደመም ተረኽቦ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ምስቲ ሓርነታዊ ባህግታቱን ክብሩን ተራጸመ። እቲ እተመስረተ ስርዓት ህዝብና ኣብ ናጻ ሃገሩ ንክኽበረሉ ዝግበኦ መሰላት ብስሩ ተመንዚዩ። ኣብ መቕድም ናይ'ቶም በቲ ስርዓት ዝተፈጸሙ ግህሰታት ድማ፡ ህዝብና ኣብ ክሊ ውሽጣዊ ሰላም ናይ ሎምን መጻእን ዕድሉ ንኽውስን ዘለዎ ፖለቲካዊ መሰል ምእጋድ እዩ። ከምኡ'ውን፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዝን ኣብ መጻእን ነብሳ ንምህናጽ፡ ብደረጃ ዞባን ዓለም ለኸን ብሰላም ንኽትነብር ዘሎ ተደላይነት ዓቢ ምኳኑ ክንሱ፡ ህዝብና ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ተቐይዱ ይርከብ።

ፖለቲካዊ ስልጣን ተቖጻጺሩ ሃገራዊ ቃልሲ ዘረጋገጾም መኽሰባት ንምግባት፡ ገዛኢ ስርዓት ህግደፍ መሬት ኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ግጥምያ፡ ታሪኻዊ እጃም ዝነበሮም ፖለቲካዊ ሓይልታት ክእግድ ጀመረ። ናይ መላእ ሕብረሰብ ኤርትራ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ብምጭፍላቕ፡ ኣብ ምልኪ ሓደ ሰብ ዝተጠቓለለ ፍጹም ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተኸለ። ብውሽጥን ብደገን ዝተኸተሎም መዕነውቲ ፖሊሲታት ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ምስ ኣሳጠሐ፡ ኣብ ውሽጢ ገዛኢ ሰልፊ ንዝተኸሰቱ ናይ ምእራምን ለውጥን ሕቶታት ከይተረፈ ብዓመጽ እዩ ዝመለሰ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ድሕሪ ዓሰርተው ሸውዓተ ዓመታት ናጽነት ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ ምርኢት ኤርትራ ምስ እንዕዘብ ዝስዕቡ ኣቓንዘውቲ ሓቅታት ጎሊሆም ይረኣዩ። ንሳቶም ድማ ምድኻም ሃገራዊ ሓድነት፡ ቅዋማዊ ትካላትን፡ ግዝኣተ ሕግን ስለ ዘቦኽሩ ግህሰት መሰላት ደቂ ሰብ ኣብ ኣዝዩ ክብ ዝበለ ደረጃ ይፍጸም ምህላዉ፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገር ስርዓቱ ንዝከላኸሉ ናይ ጭቆና ትካላት ንምህናጽ ይባኽን ምህላዉ፡ ንዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንሓደጋ ዘሳጥሑ ውግኣት ምጽሕታሩ ቀጻሊ ምኳኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ደሙ ዘፍሰሰሉን ዝተሰውኣሉን መሬቱ ራሕሪሑ ንስደት ተሳጢሑ ምህላዉ፡ ከምኡ'ውን ከም ውጽኢት ናይ'ዚ መላኺ ስርዓት ዝፍጽሞ ግፍዕታትን ዝዘርገሖ ብልሽውናን ጥዑያት ሃይማኖታውን ማሕበራውን ውርሻታት ፈሪሶም፡ ብልሽውና ንስነስርዓትን ማሕበራዊ ባህልን ክትክኡ ምርኣይ፡ ንባህሪ ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ ንምግንዛብ እኹላት ኣብነታት እዮም።

ህዝብና፡ ሓርነቱን ክብሩን ንምርግጋጽን ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምእትታውን ዘለዎ ባህጊ ንምትግባር ወትሩ ክቃለስ ድሉው ምኳኑ ሩዱእ እዩ። ነዚ ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ኩነታት ንምቕያር፡ ኩሎም ኣንጻር ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዝቃወሙ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ሰፊሕ ጠርናፊ ሃገራዊ ግንባር ክሰምሩ ግድን እዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ናይ መላእ ተቓወምቲ ሓይልታት ሰፊሕ ግንባር ስምረት ከኣ፡ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ዙርያኡ ክዓስልን ክቃለስን ብምግባር፡ መዋእል ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ክሓጽር፡ ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ምቹእ ባይታ ይፈጥረሉ። በዚ መልክዕ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ምስ እትምስረት፡ ምስ ከባቢኣን ዓለምን ብሓፈሻ ዝህልዋ ዝምድናታት ዱልዱል ኮይኑ፡ ዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንምሕላው ትበቅዕ፡ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ኣብ ሓባራዊ ጠቕምታት ናይ ምዝማድን ሰረት ምንጻፍ ይከኣል።

ከም ፍረ-ውጽኢት ናይ'ቲ በብእዋኑ ንምጥርናፍ ኤርትራውያን ተቓውምቲ ሓይልታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ዝኣመተ ዕላማ እና ተሰርሓሉን እና ተጸዓረሉን ብምምጽኡ፡ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ 13 ውድባትን ካብ መላእ ዓለም ዝተወከሉ ሲቪክ ማሕበራትን፡ ሃይማኖታዊ ወከልትን ዝተሳተፍዎ ዕዉት ጉብኤ ብምኽያድ ነዚ ዝስዕብ ፖለቲካዊ ቻርተር ኣጽዲቑ።

## ቀዳማይ ምዕራፍ፡-

## ሓፈሻዊ መትከላት

1. ሃገራዊ ልዑላውነትን፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን፡ ብኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝተኣምነሉ ጂኦግራፍያዊ ዶባታን ምዕቃብ።
2 ብጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎ ዝሰረጸ ሃገራዊ ሓድነት ምዕቃብን ምዕዛዝን።
3 ካብ መትከላት ደሞክራስን፡ ሰላምን፡ ሰብኣዊ መሰላትን ብምብጋስ፡ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ፍትሕን ማዕርነትን ንምርግጋጽ፡ ኣብ ፍትሓዊ ምምቅራሕ ስልጣንን ሃብትን ምእማን።
4 ዜግነት መሰረት መሰላትን ግቡኣትን እዩ። ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ'ዮም።
5 ሃይማኖታውን፡ ብሄራውን፡ ባህላውን ብዙሕነት ምእማን። ምእንቲ ትግባረ ትሕዝቶ መሰረታዊ መሰላት፡ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ንምኽባርን ምርጋግጽን፡ ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተርን ውዕላትን ሰሪቶም ብዘለዉ ኣድማሳዊ መሰላት ምምእዛዝ።
6 ብኩሎም ኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዑላትን ዘረጋገጾም መሰላት ምእማን። ከም ሓርነታት እምነት፡ ኣምልኾ፡ ምሕሳብ፡ ምዝራብ፡ ምውዳብ፡ ምንቅስቓስ፡ ዋንነትን ካልእ ኩሉ ሓፈሻውን ውልቃውን ሓርነታትን። እዞም መሰላት እዚኣቶም ቅዋም ኤርትራ ክውሕሶም ምግባር።
7 ሃይማኖትን፡ ባህልን፡ ብሄርን መንነት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝህነጹሎምን፡ ሓባራዊ ስምዒታቶም ዝገልጹን መሰረታዊ ረቛሒታት እዮም። ስለ ዝኾነ፡ ንኩሉ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖታውን፡ ፖለቲካውን፡ ማሕበራውን መሰላት ምሕላው።
8 ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ፡ ብቑዕ ኩይኑ ዝረኣያኦ ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ክውንናን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕጋብ ክንቀሳቐሳሉን፡ ቅዋማዊ ምክልኻልን ሓርነትን ይህልወን።
9 ህዝቢ ምንጪ ስልጣን ምኳኑ ምእማን።
10 ትግርኛን ዓረብን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ እየን። ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ማዕረ እየን። ብሄራት ኤርትራ ቋንቋታተን ንምምዓባልን ንምጥቃምን መሰል ኣለወን።
11 ንወላ ሓደ ብዘይምግላል፡ ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተመስረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ምቅላስን ምምእዛዝን።
12 ሰለስትኡ ስልጣናት ሓጋግን፡ ፈጻምን ፈራድን ምፍላይን፡ ኣብ መትከል ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣንን ናጽነት ቤት ፍርድን ምእማን።
13 ኣብ ኤርትራ ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓት ምትካል።
14 ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝተመንዘዐ መሬትን ንብረትን፡ ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ናብ ዋናታቱ ምምላስ።
15 ኣብ ሃይማኖት፡ ወይ ኣብ ባህሊ፡ ወይ'ውን ኣብ ብሄር ዘትከለ ኩሉ መልከዓት ኣድልዎን፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝወርድ ኩሉ ዓይነት ግፍዕታትን ንምውጋድ ምምእዛዝ።
16 ምስ ሃገራት ዓለም ብሓፈሻ፡ ምስ ህዝብታትን ጎረባብቲ ሃገራትን ዞባን ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ሰላምን፡ ምትሕግጋዝን፡ ሕድ-ሕድ ምክብባርን፡ ሓባራዊ ረብሓታትን፡ ኣብ ናይ ካልኦት ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምእታውን ዝተመስረተ ሃናጺ ዝምድናታት ወጻኢ ንምህናጽ ምቅላስ። ብኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዑላትን ምምእዛዝ።

## ካልኣይ ምዕራፍ

## ዕላማታት

1. ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕን፡ ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ምቅላስ።
2. ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምስራጽን ምሕላውን፡ ናይ ሓባራዊ ሰላማዊ መነባብሮ ጥዑይ ሃዋሁ ንምፍጣርን ምዕያይ።
3. ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ትሕዝቶ ሓፈሻዊ መትከላት ኤዲኪን፡ ባህሊ ዲሞክራስን፡ ሰላምን፡ ሓባራዊ-መንብሮን ሃናጺ ዘተን ምዝርጋሕ።

## ሳልሳይ ምዕራፍ፡

## ኣገባባት ቃልሲ

1. ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕ፡ ኩሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ ምኽታል።
2. ዓቕምታትን ጸዓታትን ህዝቢ ብዝዓበየ ኣድማዒ ንምግባር፣ ጎስጓስን ምውህሃድን ምክያድ።
3. ኣብ ሞንጎ ውድባት ዝኽሰት ፍልልያትን ግርጭታትን ንምፍታሕ፡ መርሓ ዘተ ምጥቃም።

## ራብዓይ ምዕራፍ፡-፡

## መሰጋገሪ መድረኽ፣

1. መሰጋገሪ መድረኽ ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ምልጋስ፡ ወይ ምልዋጥ፡ ክሳብ ብዲሞክራስያዊ መንገዲ ዝተመርጸ መንግስቲ ዝቖመሉ ዘሎ ግዜ ዘመልክት'ዩ።
2. ጊዜያዊ መንግስቲ ምቛም። መሰጋገሪ ፓርላማን መሰጋገሪ መንግስትን ዝተክል ጉባኤ ሃገራዊ ስኒት ይጽውዕን ይውድብን ።

## ሓሙሻይ ምዕራፍ

## ሓፈሻዊ ጉዳያት

1. ማእከላይ መርሕነት ኤዴኪ ብዛዕባ መሰጋገሪ መድረኽ ዝምልከት ዝርዝር መጽናዕትታት የዳሉ።
2. ነዚ ቻርተር'ዚ ናይ ምምሕሻ ስልጣን ዘሎዎ ጠቕላላ ጉባኤ ኤዴኪ ጥራሕ'ዩ።

11 ግንቦት 2008

**ኣብ'ዚ ቻርተር'ዚ ዝፈረማ ውድባትን ሰልፍታትን፡-**

1. ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ
2. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
3. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
4. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ
5. ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ
6. ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ
7. ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
8. ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ
9. እስላማዊ ሰልፊ ንልምዓትን ፍትሕን
10. ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ
11. ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ
12. እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራ
13. ህዝባዊ ጉባኤ ኤርትራ